# ፬ይ ሰንበት ዘጰራቅሊጦስ 2018 ዓ.ም.

## ግንቦት 30 2018 ዓ.ም. (6/7/2026)



**መዝሙር፡** አብ ናይ ሎሚ ሰንበት ክልተ ምርጫ መዛሙር አሎና።

1.መንፈስ ቅዱስ ከም ሓዊ አብ ልዕሊ ሓዋርያት ወረደ ብኹሉ ቋንቋ ኸአ ተናገሩ።

2. ካብኣቶም ክዓረገ እንከሎ ምሳኻትኩም ንወትሩ ዝነብር ዓለም ክትወስዶ ዘይትኽእል ጰራቅሊጦስ ከአ ክሰደልኩም እየ፥ ዘኽታማት ኮንኩም አይክሓድገኩምን እየ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 16፡1-9፥ 1ዮሓ 2፡12-15፥ ግ.ሓ. 2፡1-18፥ ዮሓ.16:23-32።

**ስብከት፡** *ዐረገ ውስተ አርያም፥ ጸዌውከ ጼዋ ወወሃብከ ጸጋከ ለእጓለ እምሕያው፥ እስመ ይክሕዱ ከመ ይህድሩ”* አብ ላዕሊ ዓሪግካ ንምሩኻት ማረኽካ፥ ህያብካ ንሰባት ሃብካ፥ ዓመጸኛታት አብኡ ምእንቲ ክሓድሩ መዝ. 88፡18።

ዝሓለፈ ሰንበት ብዓለ ጴራቅሊጦስ አብዒልና። መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕሊ ሓዋርያት ማርያም ምስኦም እንከላ ዝወረደሉ ዕለት። ቤተ ክርስትያን ብፍሉይ ነቲ ክርስቶስ ዝሃባ ስልጣን ሒዛ ዝተመስስረትሉ። መንፈስ ቅዱስ ንቤተ ክርስትያን ባዕሉ ከምዝመርሓ ዝተራእየሉ። ሎሚ እውን ንኹልና ብእምነት እንሓብር ንሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ሒዝና ንመልእኽቲ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሕና አብ ኵሉ ክነብጽሕ ክንብግስ ዝዕድም ፍሉይ ዘመን።

አብ ስርዓት አምልኾና ድሕሪ ብዓል ሓምሳ (ጰራቅሊጦስ) ጀሚሩ ክሳብ ሰኔ 17 ዘሎ ዘመነ ጰራቅሊጦስ ይብሃል ፩ይ፥ ፬ይ. . . ሰንበት እናበለ ሓምሽተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ፥ አብዘን ሰናብቲ ብዛዕባ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ፥ አብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ዘልኦ ተራ ከምኡ ትንሣኤን ዕርገትን ክርስቶስ ክነስተንትን እሞ አብ እምነትና ጸኒዕና ንሓዲስ ተልእኮ ክንጉዓዝ ዝሓትት እዋን ኢና ዘሎና። አብ ልጡርግያ ቤተ ክርስትያን በብእዋኑ ብእምነት ክንዓቢ ምእንቲ ፍሉይ ዘመናት ተሰሪዑና አሎ፥ እዚ ኹሉ ንአና ክጠቅም ፍሉይ አስተንትኖ ክንገብር እሞ ዝተሓደሰ ሕይወት ክንሕዝ ንማለት እዩ።

**ድሕሪ ብዓለ ጰራቅሊጦስ ዘሎ ጊዜ ፍሉይ ነገራት አብ ሕይወት ሓዋርያት ንርኢ፡**

- **ብሓንሳብ ምዃን፡** ሓዋርያት አብ ሓደ ልብን ቦታን ሓቢሮም ነሮም። መንፈስ ቅዱስ ክወርዶም ብማርያም አደ ኢየሱስ ተማእኪሎም ብሓባር አብ ሓደ ቦታ ኮይኖም ይጽልዩ ነሮም። ብሓባር ክልተ ወይ ሰለስተ አብ ዘለውዎ ኢየሱስ አብ ማእከሎም አሎ። ክንሓብር ክንሰማማዕ እንከሎና አምላኽ ምሳና አሎ ክንፈላለ ክንረሓሓቕ እንከሎና እነምጽኦ ምኽንያት ብዘየገድስ አምላኽ ምሳና የሎን። ሎሚ እውን በረኸት አምላኽ ክንቅበል

ብሓባር ክንርከብ ዘፈላሊ ኽንገጥመና እንከሎ ኣብ ስምምዕ እምበር ኣብ ዝፈላሊ ከይነድህብ ምስትውዓል የድልየና።

- ብሓብር ምጽላይ። ዝጽሊ ንኣምላኽ ይፈልጦ ይብል ቅ. ኣጎስጢኖስ። ሓደ ካብቲ መለለዪ ቀዳሞት ክርስትያን ብሓባር ምጽላይ እዩ። ምሸትን ንጋሆን ይጽልዩ ነሮም፥ ነዚ መሰረት ዝኾኖም ትምህርቲ ጎይትኦምን ሓዋርያ ጳውሎስን እዩ፥ ብዅሉ ጸሎትን ልማኖን ኵሉ ሳዕ ብመንፈስ ጸልዩ (ኤፌ 6፡18) ከየቋረጽኩም ጸልዩ (1ተሰ 5፡17)። ጸሎት ነፍስኻ ኣብ ኣምላኽ ምዕራግ ስለ ዝኾነ ኣምላኽ ምሳና ክህሉ እንከሎ ዘጸግም የብልናን። ባዕሉ ክርስቶስ ለምኑ ኺውሃበኩም እዩ፥ ድለዩ ኽትረኽቡ ኢኹም፥ ማዕጾ ኳሕኲሑ ኪረሓወልኩም እዩ (ማቴ 7፡7) ይብለና።
- ፍርሒ ተቐንጢጡ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ ኵሉ እቲ ፍርሖም ተቐንጢጡ፥ ትብዓት ከምኡ ንዅሉ ብዓይኒ ኣምላኽ ክርእይዎ ክኢሎም። ተሓዲሶም ንዝነበሮም ፍርሒ ሓሊፎሞ ኣብ ደገ ወጺኦም ክሰብኩ ክምስክሩ ጀሚሮም። መንፈስ ቅዱስ ዝሓደሮ ሰብ ኣብኡ ሓቂ ስለ ዝርከብ ዝኾነ ፍርሒ ኣብኡ የለን። ሰብ ፈራሕ ዝኸውን ሓቂ ከጕድል እንከሎ ጥራሕ እዩ። እምነትና ኣብ ሰብ ኣብ ገንዘብ ወይ እውን ኣብ ርእስና ክንገብር ከሎና ፈርሓት ኢና። ኣምላኽ ክንሕዝ ከሎና ግን ዘፍርሕ የብልናን ሞት እውን ትምጻእ ምእንቲ ሓቅን ፍትሕን ክንመውት ቅጭጭ ኣይብለናን እዩ እዚ እዩ ኣብ ሕይወት ብዙሓት ሰማዕታት እንርእዮ።
- ንክርስቶስ ኣብ ኵሉ ክሰብክዎ ጀሚሮም። መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበለ ሰብ ቀዳመይቲ ዝገብራ ስብከት እያ። እምነት ክርስቶስ ኣብ ኵሉ ክበጽሕ ብቃል ብግብሪ ክሰበኽ ኣለዎ። ባዕሉ ክርስቶስ ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዝለኣኸኒ ኣነ እውን ከምኡ እልእከኩም ኣሎኹ (ዮሓ 20፡21) ዝበሎ ሎሚ ንሕና እውን ንኣምላኽ ክንልኣኽ ፍቓደኛታት ንኹን። መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ ከሎና ጥራሕ እዩ ነገራት ክቕየር ዝኽእል። እሞ ሎሚ መልእኽቲ መን እየ ዘብጽሕ ዘሎኹ ኢልና ሕይወትና ንርአ።
- ኣብ ልዕሊ ኹሎም መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ። ብኣምሳል ልሳን ሓዊ ኣብ ልዕሊ ኩሎም መንፈስ ቅዱስ ክወርድ ተራእዩ። ንሕና ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ክንቅበል እንከሎና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕለና እውን ወሪዱ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበለ ጸጋ ኣምላኽ ምስኡ ስለ ዘሎ ኣብ ጽቡቕ ግብሪ እዩ ዝወፍር። ሎሚ እውን መንፈስ ቅዱስ ክወርደና ልብና ኣንጺሕና ንቀበሎ። ማኅደሩ ዝኾነ ልብና ካብ ዝኾነ ኃጢአት ነጺሑ ንኣምላኽ ክቕበል ነሰናድዎ።
- ብኻልእ ቋንቋታት ክዛረቡ ጀሚሮም፡ ኣብ ዘመነ ባቢሎን ቋንቋታት ዘየሰማምዕ እዩ ነሩ ኣብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ግን ብሓደ ቋንቋ ኵሎም ክረዳድኡ ጀሚሮም እዚ ኸኣ መንፈስ ቅዱስ ንዅሉ ከምዝቕይር ዝሕብር እዩ። ኣምላኽ ንሓደ ነገር መጋበሪ ክገብሮ ዝዓግቶ ሓይሊ የለን። ንኣይን ንኣኹም እውን መጋበሪ ድሕነት ክገብረና ድላዩ እዩ። ስለዚ ልብና ከፊትና ክልኣኽካ ድላይካ ክፍጽም ስንድው እየ ንበሎ።
- ካብ መጀመርያ ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ መራሕትን ተመራሕትን ዘለዋ ገሩ ሰሪዕዋ፡ቅ. ጴጥሮስ ርእሲ ኩሎም ሓዋርያት ኮይኑ ቃል ኣምላኽ ኣስሚዑ። ኣብተን ቀዳሞት ዘመናት ኮነ ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ቤተ ክርስትያን መንበረ ጴጥሮስ ብዝሓዙ ትምራሕ እዚ ኸኣ ባዕሉ ክርስቶስ ዝሰርዖ እዩ። ካብቲ ክርስቶስ ዝሰርዖ ካልእ ኣገባብ ክነልብስ ናትና

ሓላፍነት ኣይ ኮነን ናይ እቲ ርእሲ ቤተ ክርስትያን ዝኾነ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ ስለዚ ንመንበረ ጴጥሮስ ሒዙ ዘሎ ክንእዘዞ ክንሰምዖ ትሑዛት ኢና።

የሓንስ ወንጌላዊ ግብሪ ክርስቶስ ክንገብር ይነግረና። ዘመነ ጳራቅሎጦስ ነቲ ክርስቶስ ዝገብሮ ዝሰብኮ ዝነበረ ክንገብር ዘዘኻኽረና እዩ። ክርስቶስ ኣብ ኵሉ ክእቱ ብፍላይ ኣብ ልቢ ብዙሓት ኣትዩ ንሓቅን ንሰላምን ተቐቢሎም ኣብ ንስሓ ክእትዉ እንሕግዞም ንሕና ኢና። ነዚ ብምሉእ ክንለብሶ ብስም ክርስቶስ ንሰማያዊ ኣቦና ክንልምኖ ኣሎና፥ ምኽንያቱ ባዕሉ ብስመይ ዝለምንክምዎ ዘበለ ኹሉ ኽገብረልኩም እዩ ይብለና።

ዘኽታማት ኲንኩም ክተርፉ ኣይኃድገኩምን እየ ኢሉና እዩ። ዝኽትምና ከቢድ እዩ ምኽንያቱ ፍቕሪ ወላዲ ስለዝጎድለና። ናይ ክርስቶስ ምፍላይ ግን ንሓዲስ ህላዌ ኣብ መንጎና ዝዕድም እዩ። ከምቲ ንሓዋርያቱ በብእዋኑ ዘሰንዮም ዝነበረ ሎሚ እውን ኣብ መንጎና ኣሎ። ብኣካል እንውክሎ ህልዉ እንገብሮ ንሕና ኢና። ኣባና ፍቕርን ሕውነትን ክርአ እንከሎ ህያው ንገብሮ። እዚ እዩ እቲ ክርስቶስ ሎሚ ክንገብሮ ዝላበወና።

እቲ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ንሱ ኹሉ ኪምህረኩም ነቲ ኣነ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ፥ እናበለ ምስኡ ዝህልወና ሓዲስ ርክብ ነጊሩና። ተመሃሮ መንፈስ ቅዱስ ኮና ክንርከብ ምስኡ ሓድነት ክህልወና ብኡ ክንምራሕ ፍቓደኛታት ክንከውን ኣሎና። እሞ ሎሚ ሕይወተይ መንእዩ ዝመርሖ ዘሎ ኢልና መራሒና ክነለሊ ይግብኣና። ሓደ ካብቲ ጸገም ኣርድእቲ ክርስቶስ ዝነበረ ኣለሊኻ ዘይምኽኣል እዩ ነሩ ሎሚ እውን ንግብርን መልእኽቲ ኣምላኽን ኣለልዮም ዘይክእሉ ብዙሓት ኣብ መንጎና ኣለዉና። ዓይንና ከለልን ክርእን ንመንፈስ ቅዱስ ከብርሃልና ንለምኖ።

ኦ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽና ኣብ መንጎና ሕድር ንኣኻን ነሕዋትናን ርኢና ክንክእል ኣዒንቲ ልቦናና ክፈተልና ክንልእኽካ ልብና ክነንጽሕ ኣብ ሰላምን ፍቕርን ክንምለስ ሓግዘና ንበሎ።

ኦ ማርያም ኣደና ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ኮንኪ ንመድኃኒና ክርስቶስ ዝወለድክልና ንሕና እውን ማኅደሩ ክንከውን ሕይወትና ቀይርና ኣብ ኵሉ ሓቂ ሰላም ፍቕሪ እነንግስ ኮና ክነብር ለምንልና ንበላ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ